# ዘሊቕኪ ርእዩ

ዓቐብ፣ ቊልቊለትን፣ ጎቦታት መገድን
ርስሓት ተኸዲነ፣ ዶሮናን ሓመድን
ፍቕርኺ ብምድላይ ክንደይ ተንከርቲተ
ብኽንደይ መከራ፣ ብዙሕዉን ሃውቲተ
ዓቢረ፣ ጸሊመ፣
ኣብ ደጌኺ ቖይመ!
ዓይንኺ ንምርኣይ ምድፉሩ ኣብዩኒ
ርስሓተይ ዘሊቕኪ ዶኾን ትርእይኒ!

ሓመድን ዶሮናን ዝተኸደንኩዎ
'ዙ ኹሉ መከራ ኣነ ዘሕለፍኩዎ
ንዒ! ቕርብ በሊ፣ ካብ ዙፋን ውረዲ
ልቢ ርኣዩ 'ምበር ክዳን ኣይትፈረዲ
ንፍቕረይ ጠሚትኪ
ልብኺ ኸፊትኪ
ብረሳሕ ኽዳነይ እንተይታለልኪ
ተቐበልኒ 'ንዶ "ፍቕረይ፣ ሓወይ!" ኢልኪ።

ገ/ኢ. ጐርፉ።